ኢጣልያ

# ስለምንታይ እዩ ኣሰር ኣጻብዕተይን ስእለይን ምውሳድ ዘድሊ?

ታይፕ ኤፍ (Type F)

**ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ መደብ ዳግመ-ምጥያስ ወይ ሰብኣዊ ምቕባል ዝሰፈሩ ሰባት**



TIGRINYA

## ስለምንታይ እየ ነዛ በራሪ ወረቐት ዝቕበል ዘለኹ?

ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ዳግመ-ምጥያስ ወይ ሰብኣዊ ምቕባል መደብ ኣብ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ተቐባልነት ረኺብካ ኣለኻ

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ብዛዕባ እቲ ብሰበስልጣን ዝኽዘን ዳታን ንኽንደይ ግዜ ከምዝጸንሕን ዝያዳ ሓበሬታ ይህብ።

## ስለምንታይ እየ ስእለይን ኣሰር ኣጻብዕተይን ክህብ ዘለኒ?

ኣብዛ ሃገር ዘለዉ ሰበስልጣን ኣሰር ኣጻብዕትኹምን ስእልኹምን ክወስዱ እዮም። እዚ መረዳእታ ምስ ሓበሬታ መንነትካን ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታን ተደሚሩ ናብ ናይ ዩሮዳክ ዳታቤዝ ክመሓላለፍ እዩ።

ዩሮዳክ ንገለ ምድባት ዜጋታት ናይ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዘይኮኑ ሰባት ምስቲ ፍሉይ ስብስብ ኣሰር ኣጻብዕቶምን ስእሎምን የራኽቦም።

እዚ ዳታቤዝ ብ 31 ሃገራት EU+ ዝጥቀማሉ ኮይኑ፣ ንሓበሬታኻ ንምርካብ ድማ ዝሃብካዮ መረዳእታኻ ክሰርሓሉ ይኽእላ። ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣብ መወዳእታ ናይዚ በራሪ ወረቐት ተዘርዚረን ኣለዋ።

## ኣብ ዩሮዳክ ዝኸዘን ኣየናይ ዳታ እዩ?



እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ኩሉ ግዜ ይኸዘን፦

- ኣሰር ኣጻብዕትኻ
- ስእሊ ገጽካ
- ኩሉ እቲ ሕጂ እትጥቀመሉ ወይ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተጠቐምካሉ ኣስማት
- ኩሉ ሕጂ ወይ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተጠቐምካሉ ዕለታት ልደት
- ትውልዲ ቦታኻ
- ዜግነትካ ወይ ብሄራዊ መንነትካ
- ጾታኻ
- ቅዳሓት ናይቲ ዝተጠቐምካሉ ናይ መንነት ወይ ናይ ጉዕዞ ሰነዳት፣ እኹተልዩ፣ እንተላይ ብዛዕባ ሓቅነቶም ዝምልከት ሓበሬታ
- ናይቲ ኣሰር ኣጻብዕትኻን ስእልኻን ዝወሰደ መኮነን ናይ ተጠቃሚ መለለዪ መንነትን ዳታኻ ዝተወሰደሉን ዝተመሓላለፈሉን ዕለታትን
- ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘመልከትካላ ሃገር
- ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዝቐረበሉ ዕለት።

እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት እውን ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ዩሮዳክ ክኽዘኑ እዮም:

- ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር
- እንተተዛዊርካ: እታ ዝተዛወርካላ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር
- መመልከቲኻ እንተተነጺጉን ኣብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ናይ ምጽናሕ መሰል ዘይብልካ ኮይኑን።
- መመልከቲኻ ብመሰረት መስርሕ ዶብ ተራእዩ እንተተነጺጉ ወይ መመልከቲኻ ከም ዝተሰሓበ እንተተቐጺሩ
- ሓበሬታ ብዛዕባ ዝኾነ ብናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዝወሃበካ ቪዛ
- ካብ ዞባ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝወጻእካሉ ዝኾነ እዋን ሓበሬታ
- ብወለንታኻ ናብ ዓድኻ ንክትምለስ ንዝቐረበልካ ዕድመ ተቐቢልካ'ዶ ኣይተቐበልካን ዝምልከት ሓበሬታ።

ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ክትረክብን ክትእርምን ከምኡ'ውን ሓበሬታኻ ብዘይሕጋዊ መንገዲ እንተተታሒዙ ንክትድምስሶ ክትሓትት መሰል ኣለካ። ነዚ ንምግባር ምስ ተቖጻጻሪ ዳታ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ዝርዝር ርክብ ናይቲ ዳታ ተቖጻጻሪ ኣብቲ **'ብዛዕባ ዩሮዳክ ክትፈልጥዎ ዘለኩም'** ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ በራሪ ወረቐት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ውልቃዊ መረዳእታይ ኣብ ዩሮዳክ ክሳብ መዓስ እዩ ክኸዝን?



ሓበሬታኻ ን5 ዓመት ክኽዝን ድሕሪኡ ብኣውቶማቲክ ክስረዝን እዩ።

እዚ ግዜ ቅድሚ ምውዳኡ ኣብ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዜግነት እንተረኺብካ፡ ዳታኻ ይስረዝ። ዳታኻ እንተተሰሪዙ፡ እዚ ኣብታ ዜግነት ዝረኸብካላ ሃገር ዘለካ ኩነታት ኣይክጸልዎን እዩ።

**ሕጂ ኣብ ኢጣልያ ኢኻ ዘለኻ፣ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**
**ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ድማ፡**

- እተን 27 ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፣ ኣውስትርያ፣ ቤልጅየም፣ ቡልጋርያ፣ ክሮኤሽያ፣ ቆጵሮስ፣ ቸክያ፣ ዴንማርክ፣ ኢስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኢጣልያ፣ ላቲቭያ፣ ሊትዋንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፣ ሮማንያ፤ ስሎቫክያ፣ ስሎቬንያ፣ ስጳኛ፣ ሽወደን ከምኡ እውን
- ካልኦት 4 ሃገራት፣ ኣይስላንድ፣ ሊክተንሽታይን፣ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድ።

እዚ መዘኻኸሪ እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ መዘኻኸሪ ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2025